# ካብ ጕባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተዋጽአ ልኡኽ ናብ ክልል ትግራይ ብጽሖት ኣካይዱ

**ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
04.08.2008



ካብ 15 ሃገራት ዝተዋጽአ 15 ኣባላት ዘለዉዎ ልኡኽ ጕባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ 31 ሓምለ ክሳብ 3 ነሓሰ 2008 ናብ ክልል ትግራይ ብጽሖት ኣካይዱ። ልኡኽ ጕባኤ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ብሰበ-ስልጣን'ቲ ክልል ድሙቕ ኣቀባብላ ተግይርሉ።

እቲ ልኡኽ፡ ምስ ፕረሲደንት ክልል ትግራይ ኣቶ ጸጋይ በርሀ፡ ምስ ከንቲባ መቐለ፡ ኣቶ ፍስሃ ዘሪሁን ተራኺቡ ብዛዕባ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ኣህዛብ ክህሉ ዘለዎ ዝምድናታት ብሰፊሑ ተመያይጡ። እቲ ልኡኽ፡ ኣብ መቐለን ዓዲ ግራትን ምስ ህዝቢ ውን ተራኺቡ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ሓይደር ውን፡ ንዝኽሪ ናይ'ቶም ብውግእ ዝሞቱ ህጻናት ዕንባባ ኣንቢሩ።

ኣብ ዓዲ ግራት ኣብ ዝገበር ብጽሖት ድማ፡ ልኡኽ ጕባኤ ምስ ኣቶ መስፍን ኣማረ፡ ኣመሓዳር እታ ከተማን ካልኦት ሓለፍትን ተራኺቡ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ውን ክሳብ ዛልኣምበሳ ብምብጻሕ ብውግእ ዝዓነወ ቦታታት ርእዩ።

ልኡኽ ጕባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ርክቡ፡ ጕዳይ ዶብ ብሰላም ክፍታሕ ዘለዎ እምነት ገሊጹ። ከምኡ ውን፡ እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ እተኻየደ ውግእ ናይ መንግስታት ውግእ ደኣ'ምበር ናይ ህዝብታት ክልቲኡ ሃገራት ከምዘይኰነ ኣብሪሁ። ኣብ ክልቲኡ ሃገራት ዝሃለቐ ህይወት ድማ ከምዘሕዝኖ ኣረዲኡ።

ብወገን ሰበ-ስልጣን ትግራይን ህዝቢ ትግራይን እንተኾነ ውን፡ እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሃገራት ዝተኻየደ ውግእ ኲነ ዝሃለቐ ትንፋስ ከምዘጕህዮም፤ እቲ ብውግእ ብስርዓት ኢሳያስ እምበር ብህዝቢ ኤርትራ ዝተገበሰ ከምዘይኰነ፤ ብሕጂ ውን ኣብ መንጎ'ዚ ክልተ ኣሕዋት ዝኾኑ ህዝብታት ውግእ ክባራዕ ከምዘይደልዩ፤ ሰላም ሰፊኑ እቲ ሆነታት ናብ ንቡር ክምለስ ከምዝምነዩ ኢዮም ገሊጾም።



ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ ዑደት፡ ልኡኽና ካብ ሰበ-ስልጣን እቲ ክልል ዝተዋህቦ ንሓወልቲ ኣኽሱምን ሓወልቲ ሰማእታትን ዘምልክቱ ህያባት ተቐቢሉ፤ ንዝተገብረሉ ምውቕ ኣቀባብላ ኣመስጊኑ ብዕለት 3 ነሓሰ 2008 ናብ ኣዲስ ኣበባ ተመሊሱ።

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ሰክረታርያ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ብዕለት 3 ነሓሰ 2008 ኣብ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ምስ ጕጅለ ስነ-ኪነት ስምረት ብምርኻብ፡ እታ ጕጅለ ኣብ ጒባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዘበርከተቶ ኣስተዋጽኦ ዓብን ዝነኣድን ምዃኑ ብምብራህ ክብ ዝበለ መጐሳን ምስጋናኣን ገሊጻ። ብተወሳኺ፡ ጕጅለ ስነ-ኪነት ስምረት ኣካል ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ክትከውን ምውሳና፡ ሰክረታርያ ክብ ዝበለ ሓጐሱን ሓበንን ከም እተሰምዖ ኣብሪሃ። ስነ-ኪነት ብሓፈሻ፡ ሙዚቃን ባህልን ድማ ብፍላይ ኣብ ምንቕቃሕን ምልዕዓልን ህዝቢ ዘለዎ ተራ ብምብራህ፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ጕጅለ ዘሎ ትጽቢት ዓቢ ምዃኑ ሰክረታርያ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኣረጋጊጻ።

